መሕብሐብ ገዛ ዝውውር ወይ ምፍናው ምልክታ

Nursing Home Transfer or Discharge Notice

ናይ ዝውውር ወይ ምፍናው ጽሑፋዊ ምልክታ፤ ከምኡ'ውን ምኽንያታት ናይቲ ምግዓዝ፡ ነቲ ነባሪን ወኪል(ታት) ነባሪን፡ እንተወሓደ ቅድሚ ዝውውር ወይ ምፍናው 30 መዓልታት፡ ወይ ድማ ሓደ ካብቶም ኣብ 42 CFR 483.15(c)(4)(ii) ወይ (8) ዘለዉ ፍሉያት ነገራት ኣብ ዝምልከቶ እዋን ብዝርድኦም ቋንቋን ኣገባብን ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ክቕርብ ኣለዎ። ናይ ቁጽጽር መዐቀንታት ኣብ 42 CFR 483.15(c)፣ RCW 74.42.450፣ WAC 388-97-0120 ንWAC 388-97-0140 ይርከቡ።

☐ ዝውውር ☐ ምፍናው

ናይ ነባሪ ሓበሬታ	
ሽም ነባሪ	ቁፅሪ ቴሌፎን (ከባብያዊ ኮድ ኣካትት)
አድራሻ	

ናይ ነባሪ ወኪል ሓበሬታ	
ናይ ነበራይ ወኪል ሽም	ቁፅሪ ቴሌፎን (ከባብያዊ ኮድ ኣካትት)
አድራሻ	ርክብ ምስ ነባሪ

ሓበሬታ መዕበዪ ኣረጋውያን	
ሽም መሕብሐቢ ገዛ	ቁፅሪ ቴሌፎን (ከባብያዊ ኮድ ኣካትት)
አድራሻ	
ናይቲ ዝርከብ ሰብ ሽም	ናይቲ ዝርከብ ሰብ ቁጽሪ ቴሌፎን(ናይ ከባቢ ሽም ኣካትት)

ምልክታ ዝተውሃበሉ ዕለት / ተግበራዊ ዝግበረሉ ዕለት

መዘካከሪ፡ ሓደ ካብቶም 42 CFR 483.15(c)(4)(ii) ወይ (8) ዘለዉ ዝግደፍ እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ተግባራዊ ዝኾነ ዕለት ካብቲ ምልክታ ዝተዋህበሉ ዕለት ጀሚሩ እንተወሓደ 30 መዓልታት ክኸውን ኣለዎ። እቲ ነባሪ ካብቲ ተግባራዊ ዝኾነሉ ዕለት ኣቐዲሙ ክግዕዝ ክመርጽ ይኽእል።

ምልክታ ዝተውሃበሉ ዕለት	ተግባራዊ ዝኾነሉ ዕለት(ዝልቀቀሉ ዕለት)

ነባሪ ዝዛወረሉ ወይ ዝፍነወሉ ቦታ (ኣገዳሲ)	
ሽም	ቁፅሪ ቴሌፎን (ከባብያዊ ኮድ ኣካትት)
አድራሻ	

ምኽንያት ምፍናው ወይ ምዝውዋር

መኽኻሽሪ፡ እቲ ፋኩሊቲ ነፍሲ ወከፍ ነባሪ ኣብቲ ፋኩሊቲ ክጸንሕ ክፈቅድ ኣለዎ፤ ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ሓቂ እንተዘይኮይኑ ድማ ነቲ ነባሪ ከዛዋውሮ ወይ ከፋንዎ የብሉን።

☐ ምዝውዋር ወይ ምፍናው ንድሕነት እቲ ነባሪ ኣድላዪ እዩ፤ ከምኡ እውን ኣብዚ ፋኩሊቲ ድሌታት ናይቲ ነባሪ ክማላእ ኣይክእልን።

☐ ጥዕና ናይቲ ነባሪ እኹል ብዝኾነ ኣገባብ ተመሓይሹ ስለዘሎ እቲ ነባሪ ድሕሪ ደጊም ኣብቲ ፋኩሊቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ስለዘይድልዮ ምዝውዋር ወይ ምፍናው ግቡእ እዩ።

☐ ብጥዕና ወይ ባህርያዊ ኩነታት እቲ ነባሪ ኣብቲ ፋኩሊቲ ዘለው ሰባት ድሕነት ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ኣሎ።

☐ እንተዘይኮይኑ ጥዕና ካልኦት ኣብቲ ፋኩሊቲ ዘለዉ ውልቀሰባት ኣብ ሓደጋ ክወድቕ እዩ።

☐ እቲ ነባሪ ድሕሪ ምኽንያታውን ግቡእን ምልክታ ኣብዚ ፋኩሊቲ ንዝጸንሓሉ ክኸፈል (ወይ ኣብ ትሕቲ Medicare ወይ Medicaid ምኽፋል) ኣይከኣለን።

☐ እቲ ፋኩሊቲ ኣብ ምዕጻው ይርከብ።

ብኽብረትካ እዚ ተግባር ዝሕግዝ ንጹር መበርሂ ሃብ። ኣድላይ ምስዝኾነ ተወሳኺ ሰነድ ኣካትት።

ሓገዝ ምሕታት ሕቶ እንተድኣቀሪቡ፤ በቲ ዝውውር ወይ ምፍናው እንተዘይተሰማሚዕካ እቲ ፋኩሊቲ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ምስተን ትካላት ንምርኻብን/ወይ ድማ ነዚ ውሳነ ይግባይ ክሓትት ዘድሊ ሓገዝ ክህብ ኣለዎ። ብኽብረትካ ኣብ ልዕሊ ዘሎ ናይቱ ዝርከብ ሰብ ሽም ቁጽሪ ቴሌፎንን ርኣ።

ናይ ይግባይ መሰላት፡

- ነዚ ምፍናው ወይ ምዝውዋር ናብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳራዊ መስርሕ ፍርዲ ዋሽንግተን ስቴትንኽስማዕ ሕቶ ብምቕራብ ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ። ናይ ምስማዕ ሕቶኻ ካብቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝረኽብካሉ ኣብ ዘለው 90 መዓልታት ዝኾነ እዋን ክግበር ይኽእል እዩ።
- ይግባይ ንምባል እንተድኣወሲንካ ብኣካል/ብቴሌፎን/ ብድምጺ ፖስታ ወይ ብጽሑፍ ንክትስማዕ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ይግባይ ንምሕታት ነቲ ተተሓሒዙ ዘሎ ቅጥዒ (DSHS 10-238 ሕቶ ምምሕዳራዊ መስርሕ ከይዲ ምስማዕ) ክትጥቀሙ ትኽእል ኢኻ ግን ግድን ኣይኮነን።
- **እቲ ናይ ምስማዕ ሕቶ ኣብቲ ወይ ቅድሚኡ ኣብቲ ዝተተለመ ናይ ምስግጋር / ምፍናው ዕለት፣ ወይ ድማ ብጭቡጥ ዝተሰጋገረካ / ዝተፋነኻላ መዓልቲ እንተኾይኑ እቲ ይግባይ ክሳብ ዝውሰን ኣብቲ ፋኩሊቲ ናይ ምጽናሕ መሰል ኣሎካ።** እንተድኣ ካብቲ ፋኩሊቲ ዘይምፍናው ወይ ዘይምስግጋር ንጥዕናኻ ወይ ድሕነትካ ወይ ንጥዕና ወይ ድሕነት ካልኦት ኣብቲ ፋኩሊቲ ዘለዉ ውልቀሰባት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኮይኑ ብፍሉይ ተራእዩ ክትፋኖ ወይ ክትዛወር ትኽእል ኢኻ። እቲ ዝተተለመ ምፍናው/ዝውውር ዕለት ኣብ ቅድሚት ገጽ እቲ ምልክታ ኣሎ።
- ይግባይ እንተድኣዘይልካ እቲ መሕበሐቢ ፋኩሊቲ ኣብ ምዝዋር ወይ ምፍናው ክቕጽል ይኽእል።
- እቲ ከይዲ ምስማዕ ንውሳነ ናይቲ ፋኩሊቲ እንተድኣደጊፉ (እቲ ይግባይ ትስእኖ) እቲ መሕብሐቢ ፋኩሊቲ ድሕሪ እቲ ውሳነ ክትግበር ትእዛዝ ካብ ዝተውሃበሉ ጀሚሩ ድሕሪ 30 መኣልታት ንዓኻ ኣብ ምስግጋር ወይ ምፍናው መስርህ ክቕጽል ይኽእል።
- እቲ ምፍናው / ዝውውር እንተዘይተፈጺሙ (ይግባይ ትዕወት ኮይንካ) ኣብቲ ፋኩሊቲ እንተዘይሃሊኻ ኣብቲ ፋኩሊቲ ዝወሃበካ ኣገልግሎት ዝጠልቦን ብቐዕን እንተኾይኑ ኣብ ፍርቂ ብሕታዊ ክፍሊ ኣብ ዝርከብ ናይ መጀመርታ ዓራት ብቕጽበት ናብቲ ፋኩሊቲ ዳግማይ ናይ ምእታው መሰል ኣሎካ።

ናይ ምስማዕ ሕቶኻ ናብዚ ዝስዕብ ልኣኽ: OFFICE OF ADMINISTRATIVE HEARINGS
PO BOX 42489
OLYMPIA WA 98504-2489
ቁጽሪ ቴሌፎን: 1-800-583-8271 ፋክስ: (360) 586-6563

ዋሺንግተን ስቴት ኦምቡድስ:

መደብ ናይ ነዊሕ ግዜ ክንክን ኦምቡድስማን ዋሽንግተን ስቴት ነዚ ምልክታን ካልእ ጉዳያትን ብዝምልከት ሕቶታት ንምምላስን ሓገዝ ንምሃብን ድሉው እዩ። ብስራሕ ውልቀ-ሰባት “LTC Ombuds” ኣቢሉ መደብ ኦምብድስማን ኣብ ፋኩሊታት LTC ዝነብሩ ነበርቲ ሕጋዊ መሰላት ይሕሉን ንክምዕብሉን ይሰርሕ። መደብ ኦምብድስማን ኣካል መንግስት ኣይኮነን ከምኡ እውን ምስዝኾነ ናይ ነዊሕ እዋን ክንክን ፋኩሊቲታት ርክብ የብሉን። ካብ LTC ኦምቡድስ ሕቶ ክትሓትት እንተድኣደሊኻ ብ 1-800-562-6028 ናጻ መስመር ደውል። ሕቶኻ ብጽሑፍ ወይ ብፋክስ (253) 815-8173 ብኢመይል ltcop@mschelps.org ወይ ብፖስታ ብ1200 S. 336th St., Federal Way, WA. 98003 ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

መሰላት ስንክልና ዋሺንግተን:

ናይ ኣእምሮ ሕማም ወይ ናይ ኣእምሮ ስንክልና ከምዘለካ እንተድኣተፈሊጡ ብነጻ ስልኪ 1-800-562-2702 ወይ (206) 324-1521 ብምድዋል ኣዘኢ ውሳነ ይግባይ ንምባል ሓገዝ ንምርካብ ንመሰላት ስንክልና ዋሺንግተን ክተዛረብትኽእል ኢኻ። ሕቶኻ ብጽሑፍ ወይ ብፋክስ(206) 957-0729 ብኢመይል info@dr-wa.org ወይ ብፖስታ ብDisability Rights Washington, 315 5th Avenue S, Suite 850, Seattle, WA, 98104 ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ኣማሓዳሪ ፋኩሊቲ / ዝተመደበ

ብኽብረትካ ኣብ ዝምልከቶ ምልክት ግበር፡

☐ ቅድሚ እቲ ነባሪ ናብ ሆስፒታል ምዝውዋሩ ብመሰረት ኣብ 42 CFR 483.15(d)ን WAC 388-97-0120(4) ንዘሎ ረቓሒታት ብምኽባር ብዛዕባ ፖሊሲ ዓራት ምሓዝ ናይቲ ፋኩሊቲ ብጽሑፍ ምልክታ ነቲ ነባሪ ተዋሂቡ እዩ።

☐ ኣብ _____ ምስ ሕጊ ፌደራልን ስቴትን ብምስምማዕ ቅዳሓት ናይዚ ሰነድ ግዴታዊ ምትሕሓዝ DSHS 10-238 ከምኡ'ውን ኩሎም ኣማራጺ ዝተትሓዙ ንናይ ነባሪ ወኪል(ታት) ነባሪ፣ ንቤት ጽሕፈት ኦምብድስማን ስቴት LTCን DSHSን ተዋሂቦም።

ምልክታ ዝተውሃበ ብ፡	
መሕብሐቢ መንበሪ ኣማሓዳሪ / ዝተመደበ ሰብ ክታም ዕለት	ስም
ምልክታ ዝተውሃበ ን፡	
ስም ነባሪ ብጽሑፍ ዕለት	ስም ወኪል ነበሪ ብጽሑፍ ዕለት